# ዎ ጠላም፥ መገዲ ጥፋኣት ሕደግ!

## ብዑቕባዝጊ ኣባይ

ዓለም ብተጻያዊ ጽምድታት መሊኣ እያ። ጽቡቕን-ሕማቕን፡ ጻዕዳን-ጸሊምን፡ ብርሃንን-ጸልማትን፡ ሓቅን-ሓሶትን፡ ቅኑዕን-ጠዋይን፡ ሕያዋይን-ሕሱምን፡ ለጋስን-በቃቕን፡ መሓርን-ቀታልን፡ ኣካብን-ዘራግን፡ ለባምን-ዓሻን፡ እሙንን- ጠላምን፡ ወ ዘ ተ ። ንሎሚ ብመልክዕ ግጥሚን፡ ሰዲ ንባብን፡ ባህሪ ጠላም ሰብ ወስ ኣቢለ፡ ነቲ ንመገዲ ጥልመት ርእዩ፡ ቶባእ ክንዲ ዝብላ፡ ነግ-ፈረግ ዝብል፡ ከም ወዲ ሃገር ክመክር እደሊ።

ጠላም ኣብ ዝኾነ ይኹን ሕብረተ-ሰብ ፉንፉን እዩ። ሚዛን ጠላም፡ ፎኵስን: ቀሊልን: እዩ። ጠላም፡ ክብረት ዝርሓቖ ሕሱር ሰብ እዩ። ጠላም ብባህሪኡ ኰብላሊ እዩ። ጠላም ዋላ እኳ ኣብ ዝመሰዮ ዝሓድር፡ ዝረኸቦ ዝቖርፍ፡ ነብሱ ሽይጡ ዝመሳሰል፡ ኣብ ባይታ ኣንፈፊዩ ናብራ ባርነት ዘሕልፍን፡ ዝኽድምን እንተኾነ፡ ዓስቡ ብቕሳነት በሊዑ ግን ኣይፈልጥን እዩ!

ጥልመት፡ ዉሑድ ድኣ ይኹን እምበር፡ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን፡ ድሕሪ ናጻነትን፡ ብዝተፈላለየ መልክዑ ዝተራእየ ክፉእ ባህሪ እዩ። ብሓጺሩ፡ ኣብ ኩሉ ምዕራፋት ታሪኽና ጠላማት ነይሮም'ዮም ክንብል ንኽእል። ሕጂ'ውን ኣለዉ፡ ክህልዉ'ውን እዮም። ተርእዮ ጥልመት ግን፡ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዝርአ ፍሉይ ባህሪ ኤርትራውያን ኣይኰነን። ጥልመት ከም ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዝወረደ መርገም'ውን ክሕሰብ የብሉን። ጥልመት፡ ሕማቕ ባህሪ ወዲ ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ብጥልመት ዝጠፍኡን፡ ዝተዋረዱን፡ ብዙሓት እዮም። ጥልመት ኣብ ኩሉ ማሕብረ-ሰባት ዝርከብ ሕማቕ ባህሪ ደቂ ሰባትን፡ መሳልል ክፉኣትን፡ በለጽን እዩ። ጠልመት ሃገር: ዶብ፡ ሃይማኖትን፡ ዓሌትን የብሉን። ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ግን፡ ጠላም ኣብ ፍርሕን፡ ስንባደን ዝነብር፡ ምግዱር ብምኻኑ፡ ዕምሪ መዋእል የብሉን።

### <u>*ንኣብነት ነዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ባህርያት ንመልከት*</u>

1. ጠላም …
   ሕድሪ ይሰብር፥
   መብጽዓ የሕርር፥
   ጉደለቱ ሓቢኡ ብናይ ካልኦት ይምድር።

2. ጠላም …
   ብቅንኢ ይርበጽ፥
   ብስስዐ ይቕረጽ፥
   ብሓሶት ይህወጽ።

3. ጠላም …
   ዒብ ኣይፈልጥ፥
   እምነት ኣይፈልጥ፥
   ቅንዕና ኣይፈልጥ።

4. ጠላም …
   ኪዳን ይጥሕስ፥
   ውዕል የፍርስ፥
   እምንቶ ህዝቡ የርክስ።

5. ጠላም …
   ወስለትለትን ክሕደትን ሕላገቱ፥
   ፍቕርን ሰላምን ዘይናቱ፥
   እንትርፎ ሲኦል፡ ኣፍ ደገ ገነት ዘይኣቱ።

6. ጠላም …
   ንኽብዱ ተሸጠ፥
   ብገንዘብ ተለወጠ፥
   ብስስዐ ተባዕጠ።

7. ጠላም …
   ንጣኦት ጸላኢ ዝሰግድ፥
   መሽረፈት ጓና፡ ሓዊ ዘንበድብድ፥
   ንርእሱ ተዋሪዱ ወገኑ ዘዋርድ።

8 ጠላም …
   ምስጢር ሃገሩ ዝሸይጥ፥
   ክብረት ህዝቡ ዝቕንጥጥ፥
   ንጽቡቕ ሕማቕ ኢሉ ዝሽፍጥ።

9. ጠላም …
   ዘይተገብረ ዘዘንቱ፥
   ኣብ ፍቕሪ ጽልኢ ዘእቱ፥
   ዕብየትን ምዕባለን ዘይመባልዕቱ።

10. ጠላም …
    ሾኽ-ቀሺ ተመሲሉ ብሓሶት ዝጽሊ፥
    ወንጌልን ወንጀልን ዘይፈሊ፥
    ሓሹል እዩ መታለሊ።

11. ጠላም …
ለቖታ ጥቕራን፥
ገንኢ ዕጥራን፥
ዓረብያ ሰይጣን።

12. ጠላም …
ዘይዘርጊ ቅኑዕ ኣይፈትልን፥
ዘይክሕደት ሰናይ ኣይኣልምን፥
ዘይመፈንጠራ መድሕን ኣይቀውድን።

13. ጠላም …
ኣብ ጸላኢ ዝጽጋዕ፥
ብነጻነት ሃገር ዝጣላዕ፥
ብደም ንጹሃት ዝቋማጣዕ።

14. ጠላም …
ኣልቦ ርእሰ-ተኣማንነት፥
ኣልቦ ቅንዕና እምነት፥
ኣልቦ ፍቕሪ ሕውነት።

15. ጠላም …
ኣብ ህዝቡን ሃገሩን ዝስሊ፥
ዒላ ሓሶት ጥቕራን ተገላሊ፥
ፈላሲ ዑና-ጉዶ ህዝቢ ዝፈላሊ።

16. ጠላም …
ምጥቓስ ናብርኡ፥
ሓሶት ዕላማኡ፥
ጽልኢ ባንዴራኡ።

17. ጠላም …
ጥፍኣት ዝመረጸ፥
ዕርቃኑ ዝወጸ፥
ትፍኡ ዘልመጸ።

18. ጠላም …
ፎእ ንበሎ!፥
ካባና ነግልሎ!፥
ህልም ኢሉ ይጥፋእ ሲኦል ይቀበሎ።

---

ነግ-ፈረግ እትብል ወዲ ሃገር እንተ ኣሊኻ፤ ምረጽ ጸግዕኻ፤ ፍለ ደንበኻ፤ ኣነጽር ምርጫኻ፤ ክልተ መገዲ ኣለዋ ኣብ ቅድሜኻ። ብርሃንን-ጸልማትን! ሓቂን-ሓሶትን፡ እምነትን-ጥልመትን፡ ርዝነትን-ፍኹሰትን። እቲ ምርጫን ውሳነን ናትካ እዩ። ሎሚ ጽባሕ ኣይትበል። ምረጽ። ንህዝብኻን ሃገርካን ሕለ። ኣብ ሰናይ ተጸጋዕ። ብሓድነት፡ ክብረት፡ ተስፋ፡ ሰላም፡ ናጽነት፡ ምዕባለ፡ ዕድልን፡ ግስጋሰን ህዝብኻ ኣይትጣላዕ። ኣብ ደንበ ጸላኢ ኣቲኻ ኣይትቈማጣዕ።

ከዳምን፡ መጋበርያን ጸላኢ ንኽትከውን ኣይትሃቅን! ሰናይ ድለ። መርገጽካ ፍለ። ካብ ጥልመት ዘበለ ርሓቕ። እታ ሚዛን ኣብ ቅድሜኻ እንህት። ነታ ቕንዕቲ ምርጽ። ኣብ መገዲ ሓቂ ጽናዕ። ኣብኣ ርገጽ። ካብ ጥልመት ዝርከብ ነባሪ ረብሓ የለን። ኣይትዓሹን ኣይትታለልን። ብጊዝያዊ ጥቕምን፡ ረብሓን፡ በለጽን፡ ኣይትታለል። ንህዝብኻን ሃገርካን ኣይትበድል። ብቅርሕንትን፡ ቅንእን፡ ጽልእን ኣዒንትኻ ኣይዑራ። ጸላም ተኸዲንካ ኣብ ልዕሊ ህዝብኻን ሃገርካን መጻወድያ ጥፋኣትን ጥልመትን ኣይተጻውድ! ንኣእምሮኻ ብስስዐን ህርፋን ሽመትን፡ ገንዘብን ኣይትምልኣዮ።

ዓዲ ጓና ሰጊርካ ጥልመት ኣይትፈጽም። ኣብ ውሻጠ ጸላኢ ኣቲኻ ኣይትተሓባእ! ኣእዳውካን ኣእጋርካን ደም ኣሕዋተንን፡ ኣሓተንን ከፍስሳ ኣይጓየያ። ባህሪ ጥልመት፡ መንፈስ ቅንኢ ኾኑ፡ ህርፋን ስልጣን፡ እንተኣልዩካ፣ ንኹሉ ግደፎ። ካብ ሎሚ ጀሚርካ ተጣዓስ እሞ ተናሳሕ። ናብ ደምበኻ ጋእ በል። ምስ ሕልናኻ ተማኸር! ማሕለኻ ሕልናኻ በቲኽካ ጸባ ህይወትካ ኣይትድፋእ። “ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቈላ” ብምባል፡ ኣይትጸለል። ዕርፍን ማሕረሻን ጸላኢ ኣይትኹን። ጸላኢ ምስ ተጠቐመልካ፡ ከም ቅራፍ በለስ ከም ዝድርብየካ ኣይትዘንግዕ። ኣብ መወዳእታ ብብስጭት ተቐሪጽካ ከም እትዓርብ ኣስተውዕል! ኣይትታለል። ኣይትዓሹ። ለብም። ጠላም ኣይትኹን! ምርጫኻ ኣለሊ! መገዲ ጥፋኣት ሕደግ!

ኣብ ካልእ ጸሑፍ ክሳብ እንራኸብ እዝን ወድሓንካን!